# ሰንበት ዘሆሣዕና

## ሚያዝያ 1 2015 ዓ.ም. (4/9/2023)

ሆሣዕና ብስም እግዚአብሔር ዝመጽእ ብሩኽ እዩ



መዝሙር፡ ወእንዘ ሰሙን በዓለ ፋሲካ ቀርቡ አርዳኢሁ...።

ንባባት፡ ፊሊጵ 2፡6-11፥ ፩ጴጥ 4፡1-12፥ ግ.ሓ. 18፡12-ፍ፥ ሉቃ 19፡28-40።

ምስባክ፡ ብሩክ ዘይመጽእ ብስመ እግዚአብሔር፥ ባረክናክሙ እምቤተ እግዚአብሔር፥ እግዚአብሔእግዚእ አስተርአየ ለነ እቲ ብስም እግዚአብሔር ዝመጽእ ብሩኽ እዩ፤ አብ መቕደስ እግዚአብሔር ኮና ንባርኽኩም አሎና፤ እግዚአብሔር ኃይታ ተገሊጹና እዩ መዝ. 117፡ 26-27።

መዝሙር፡ ንብዓል ፋሲካ ሶምን ተሪፍዎ ከሎ አርድእቲ ናብቲ አምላኽ ጽድቂ ናብ ደብረ ዘይቲ ናብታ ከተማ እግዚአብሔር እተውርድ ዐቐብ ቀረቡ እሞ ብዙሕ ሕዝቢ አረገውትን ቆልዑትን ጨናፍር ስየ ኂዞም ፡አብ ሰማየ ሰማያት ሆሣዕና” እናበሉ ተቐበልዎ። ንሱ አድጊ ተወጢሑ ብታሕጓስን ብደስታን ናብ ከተማ ኢየሩሳሌም አተወ፥ ኃይልን ሥልጣንን ይሀቦም” ይብል።

ሆሣእና ነብዕል አሎና፥ ኢየሱስ አብ አድጊ ተጻዒኑ አብታ ዓባይ ከተማ ዳዊት ኢየሩሳሌም ብዓጀባ ዝአተወሉ ዕለት። ነዚ ዕለት ክንዝክር ከሎና ብዙሕ ንአስተንትኖ ዝጠቅም ነገራት ንረክብ። አብ ወንጌል ኢየሱስ ብዙሕ ጊዜ ንኢየሩሳሌም ከም ዝአተወ ኢዮም ዝነግሩና ግን አይ ከም ዕለተ ሆሳዕናን። ከምቲ ኩሎም ነጋድያን ዝገብርዎ ብእግሩ አብ ቅድስት ከተማ ክአቱ አይደለን። ከም መሲሓዊ ንጉሥ አብ አድጊ ተወጢሑ ክአቱ ደልዩ (ዘካ 9፡9)።

ንክልተ ካብ አርድእቱ አብ ከተማ ከይዶም ሰብ ተጻዒንዎ ዘይፈልጥ ጻዕብ (አድጊ) ከምጽኡሉ አዚዝዎም፥ (እዚ በብኽልተ ምልአኽ እቲ ጉዳይ ሓቅነቱ ዘረጋግጽ እዩ፥ ነቶም 72 አርድእት በበኽልተ ክልእኮም እንከሎ ነቲ ዝገብርዎ ሓቅነቱ ክምስክሩ ኢሉ እዩ (ሉቃ 10፡1)። አብ ብሉይ ኪዳን አድጊ ነገስታት ንሰላማዊ ጉዕዞ፥ ፈረስ ከአ ንውግእ ይጥቀሙ ነሮም። አብ ዘካርያስ ነብይ 9፡9 “ንጉሥኩም አብ አድጊ አብ ጻዕቢ ተወጢሑ ይመጽእ አሎ” ይብል እዚ ኸአ ብስራት ሓጎስ ንህዝቢ ከም ዝኾነ ይነግር፥ እቲ ዝመጽእ መስሕ ብሰላም ከም ዝመጽእ እቲ ናይ ውግእ ፈረስ ካብ ኢየሩሳሌም ከጥፍእ ምዃኑ” ይነግር። እዚ ትንቢት እዚ ኢየሱስ አብ ኢየሩሳሌም አድጊ ተጻዒኑ ምስ አተወ ተፈጺሙ። (ማቴ 21፡1-7፥ ማር 11፡1-11፥ ሉቃስ 19፡28-40፥ዮሓ 12፡12-19)። ኢየሱስ አብ አድጊ ተጻዒኑ ንኢየሩሳሌም ክአቱ እንከሎ ንግሥነቱ እንታይ ከም ዝኾነ ተገሊጹ። እቶም ክልተ አርድእት ሰብ ተጻዒንዎ ዘይፈልጥ ከምጽኡ ተላኢኾም እዚ ኸአ አብ ፍሉይ ስርዓት ዝጥቀምዎ ዝኾነ ነገር ቅድሚ ሕጂ ዘይተጠቕሙሉ ክኸውን አለዎ ብፍላይ እንስሳ ንአብነት ንታቦተ ኪዳን ዝስሕቡ አብዑር ሰብ ተጠቒምሎም ዘይፈልጡ ክኾኑ አለዎም (1ሳሙኤል 6፡7፥ ዘኍል 19፡2) ይብል እዚ ኸአ ብዝኾነ ምኽንያት ዘይተራኸሱ ክኹኑ አልኦም ማለት እዩ።

ካልእ አብዚ እንርእዮ ኢየሱስ ነቲ ዝገብሮ አቐዲሙ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ ንኹሎም ክገብርዎን ክብልዎን ዘለዎም ከምኡ እንታይ ከም ዝኸውን ስለ ዝፈልጥ ክገብርዎ ዘለዎም መምርሒ

ሂብዎም። እቲ ህዝቢ ኢየሱስ ኣብ ኣድጊ ተጻዒኑ ክመጽእ ምስ ረአይዎ ከምቲ ንነገስታቶም ዝገብርዎ ዝነበሩ ክዳውንቶም ኣንጸፉሉ (2ዘነ 9፡13)፥ ናይ ምስጋና መዝሙር እናዘመሩ መዝ. 118፡25-26 ተቐቢሎሞ። እዚ ክፍሊ ናይ እቲ ነጋድያን ኣብ ቤተ መቕደስ ቅድሚ ምእታዎም ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ሰላምታ ኮይኑ ዝዝመር እዩ።

ኣብ ኣድጊ ክጽዓን ኣንከሎ ናይ ትሕትና ምልክት እዩ፥ ነቲ ዝወርዶ ውርደትን ስቓይን ኣቐዲሙ ስለ ዝፈልጥ ዝነበረ ንኹሉ ብትሕትና ይገብሮ ነሩ። ትሑት ሰብ ቀስ ኢሉ ዓላምኡ ኣይስሕትን እዩ፥ ኣብኡ ምህዋኽ ተስፋ ምቍራፍ የለን ምኽንያቱ ርእሱ ስለ ዝመልኽ። ኣብዚ ሰንበት ዘሆሣዕና ነዚ መንፈስ ለቢስና ምስ ኢየሱስ ክንጉዓዝ እዩ ዘድሊ ዘሎ። ስምዒት ዓውዓውታ እንኽዶ መገዲ ኣየብርሃልናን እዩ፥ ብትሑት መንፈስ ጉዕዞ ቀራንዮ ክንድይብ እሞ ምስኡ ክንትንእሥእ ንበራበር።

እቲ ዋና ኣድጊ ስሙ ዘይጥቀስ ከሊኡ እንተ ዝኸውን እዚ ዝንገረና ብኸመይ ምቐረበና? ምናልባት እዚ ብዓጀባ ምእታዉ ኣይ ምፈለጥናዮን እንተ ወሓደ ከምቲ ኢየሱስ ዝደልዮ ኣይ ምኾነን። ስሙ ንፍለጦ ኣይ ንፍለጦ ብዘየገድስ ዋና ኣድጊ መደብ ኣምላኽ ኣብ ግብሪ ከም ዝውዕል ገሩ። ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍና ከምቲ ስሞም ዘይተፈልጡ ዋናታት ከምኦም ይደልየና እዩ። እዞም ዋናታት ኣስማቶም ኣይንፈልጥን ግን ካብ ጎይታ ዝመጽኡ ልኡኻት መን ምዃኖምን መን ከም ዝልኣኾም ስለ ዝፈለጡ ኣድጎም ብነጻ ክህቡ ፍቓደኛታት ኮይኖም በዚ ኸአ ምስጢራውያን ስዓብቱ ወይ ዝድግፉ እዮም ክንብል ንኽእል። ከምኡ እንተ ዘይከን ነሩ መን እዩ እዚ ጎይታ እትብልዎ ዘሎኹም ንኣድገይ ዝሓትት ዘሎ ምበሉ ነሮም።

ኣምላኽ ከድሕነና ከምኡ መልእኽቱ ክነብጽሕ ሓገዝና ይሓትት እዩ። መልኣኹ ሰዲዱ ንማርያም ከድሕነና ደልዩ ፍቓዳ ሓቲቱ እሺ ምስ በለት ካብአ መድኃኒና ተወሊዱ ኣድሒኑና። ብዝተፈላለየ መገዲ ንጽቡቕ ነገር ምስኡ ክንሓብር መልእኽቱ ይሰደልና። ኣብ ገለ እዋን ኣብ ሕይወትና ክንልውጦ ክንቅይሮ ክንሓድጎ ዝደልየና ክኸውን ይኽእል ኣብ ገለ ኸአ ኣብ ከማና ዝበሉ ክነብጽሓሉ ክልእከና ይደሊ እዩ። መልእኽቲ ኣምላኽ ክነብጽሕ ኩሉ ጊዜ ስንድዋት ንኹን።

ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ኣድጊ ዓቢ ጥቕሚ ነርዎ። ኣድጊ ማዕረ ማኪና ናይ መጎዓዓዝያ፥ ናይ ጽዕነት፥ ከም ሓራሲት ትራክተር እዩ ጥቕሙ ነሩ። ከም ማኪና ንርእሶምን ኣቑሑቶም ክንቀሳቐሱ፥ ከም ማኪና ጽዕነት ከቢድ ኣቑሑት የመላልሱሉ፥ ከም ሓራሲት ከአ ኣብ ማሕረስ ይጥቀሙሉ ነሮም። ሰብ ተጻዒንዎ ዘይፈልጥ ክብል እንከሎ ሓዲስ ክቡር ዋጋ ዘልኦ እዩ ዝሓትት ዘሎ፥ ጎይታ ይደልዮ ኣሎ ኢልካ ምሃብ ናይ ብሓቂ ህያብ እዩ፥ እዚ ኸአ ኣብ ሕያውነት ዝተመርኮሰ ዓቢ ምስክርነት እምነት እዩ።

ዘሎካ ንኣምላኽ ክትህብ መጀመርያ መን ከም ዝሓተካ ምፍላጥ የድሊ። ኣምላኽ ሰብ መሲሉ ክመጽኣና ይክእል እዩ። ክንህቦ ፍቓደኛታት ንኹን ንኣና ክሕሸና። ኣምላኽና ካብቲ ብፍቕሪ ተላዒሉ ዝሃበና ብነጻ ካብ ፍቕሪ ተላዒልና ክንህቦ ይግብኣና።

እምነት ናይዚ ዋና ኣድጊ ምስ ናይ ብዙሓት ኣባላት ቍምስናና እስከ ነወዳድሮ። ሓደ እዋን ሓደ በጻሒ ሰባኺ ካህን ንምእመናን ዘለዓዕል ስብከት ገሮምሎም ይብሃል። ኣብ ምውዳእ ስብከት ድምጾም ዓው ኣቢሎም እዚአ ቍምስና ክትንቀሳቐስ ኣልአ ኢሎም፥ ሓደ ካብቶም ኣብኡ ዝነበሩ ብድሕሪት ዝነበረ ዓው ኢሉ ኣባቴ ምቅስቓስ ሕጂ ንጀምር ኢሉ። እቶም ሰባኺ ኸአ እዛ ቍምስና ክትንቀሳቐስ እንተ ጀሚራ ትበግስ እሞ ትጉየ” ምስ በሉ ሓደ ካልእ ትቕብል ኣቢሉ ትጉየ እምበር በለ። ሰባኻይ ናይ እዚ ቍምስና ስምዒት ኣብ ግምት ብምእታው ብዝልዓለ ድምጾም ዓው ኣቢሎም እዚአ ቍምስና ክትጎዪ እንተ ኾይና ክትነፍር ኣልአ ኢሎም፥ ሓደ

ትቕብል ኣቢሉ ድምጹ ዓው ኣቢሉ እዚእ ቍምስና ብሓቂ ክትነፍር እንተ ድአ ኮይና ገንዘብ ከድልያ እዩ በለ ሽዑ ኵሉ ጸጥ በለ። ሽዑ ሓደ ብድሕሪት ዝነበረ ዓው ኢሉ ክትከይድ ትጀምር ክትከይድ ትጀምር ኢሉ። ኣብዚ እንርእዮ ክሳብ ንአይ ዘይተንከፈ ዝኾነ ጽቡቕ ነገር እድግፎ እየ ንብል ማለት ብሓባር ዝግበር ክኸውን እንከሎ። ኣብ ንአይ ዝርኢ ዘበርክቶ ክሕተት ከሎኹ ግን ሱቕ እብል እንተ ኾነ ካብ ዝዓበየ ክሳብ ዝንእሰ ንዕብየት ቤተ ክርስትያን ንስፍሓት ወንጌል ናይ ነፍስወከፍና ኣበርክቶን እሽታን ይሓትት። ባህግን ስምዒትን ኣየዕብየናን እዩ።

ሓደ Max Lucando ዝብሃል ከም ዝብሎ ነፍስወከፍና ጎይታና ዝደልዮ ኣድጊ ኣሎና ይብል። ከምዚ እናበለ ኸአ የስተንትን፡

ኣብ ገለ እዋን ኣምላኽ ገለ ነገር ክህቦ ከም ዝደሊ ይስምዓኒ እንተ ኾነ ኣይህቦን ምኽንያቱ ብርግጽ ኣይፈልጥን ድሕሪኡ እጉሂ ምኽንያቱ ዕድል ዘጥፋእኩ ኮይኑ ይስምዓኒ። ካልእ ጊዜ ኸአ ገለ ነገር ከም ዝደሊ እፈልጥ ግን ንአይ ይጥዓመኒ ዝብል ስለ ዝኾንኩ ኣይህቦን። ካልእ ጊዜ ከአ ቀኍርብ ጊዜ እሰምዖ እሞ እእዘዞ ሽዑ ክብሪ ይስምዓኒ በቲ ኣነ ዝሃብክዎ ንኢየሱስ ኣብ ካልእ ቦታ ኣብጽሖ። እንደገና ካልእ ጊዜ እዚ ሎሚ ዝገብሮ ንእሽቶይ ነገር ኣብዚ ዓቢ ሃጓፍ ገለ ፍልልይ የምጽእዶ ኾን እብል።

እዚ ሕቶታት ኣብ ሕልናና ንአና እውን ይመጻና ይኸውን። ኩልና ኣድጊ ኣሎና። ኣነን ንስኹምን ኣብ ሕይወትና ገለ ነገር ኣሎና፥ ነዚ ነግር ንኣምላኽ ክንህቦ እንተ ኸኣልና ከምቲ ኣድጊ ንኢየሱስ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ክነብጽሖ ንኽእል። እንታይ እዩ ንስኻ/ኺ ክትህቦ እትኽእል ሓደ ኣብ መዝማር፥ ሓደ ኣብ ምምሕዳር፥ ሓደ ኣብ ምምሃር ካልእ ኣብ ምትሕብባር ካልእ ከአ ኣብ ምዕራቕ ዝተፈላለየ ነገር ዝተወሃብና ኢና። ንኢየሱስ ኣብ ልቢ ብዙሓት ከም ዝአቱ እንገብር ንሕና ኢና፥ ንሰባት ኣብ ኢየሱስ እነምጽእ ንሕና ኢና፥ ንካልኦት ኣብ ኢየሱስ ከም ዝመጽኡ እንገብር ንሕና ኢና ስለዚ ዘብጽሕ ኣድጊ ሎሚ እውን የድሊ ኣሎ።

ኢየሱስ ኣብ ልቢ ሰባት ኣብ ሕልና ሰባት ዘብጽሖ ዝልኣኾ ይደሊ ኣሎ። ኢየሱስ ክልእከና እንከሎ ምኽንያት ክንገብር ኣይግባእን ከምቶም ክልተ ኣርድእት ዝበለና ሰሚዕና እንተ ኸኣልና ባዕሉ ንኹሉ ኽገብር እዩ። እግሪ ኣፍ ዓይኒ ክንኮኖ ይሓተና ኣሎ።

አየናይ እዩ ኣድግኻ/ኺ?

አየናይ ኣድጊ ምኢኑ ናትካ ብዘየገድስ ናቱ እዩ። ብሓቂ ኩሉ ምሳና ዘሎ ናቱ እዩ። ህያባትካ ናቱ እዩ እቲ ኣድጊ እውን ናቱ እዩ። ነዚ ሓቂ ምኢኑ ኸአ ኣብቲ ኢየሱስ መጀመርያ ዝበሎ እንተ ረአና ክነረጋግጾ ንኽእል ሓደ ስለምንታይ ትፈትሕዎ ኣሎኹም ኢሉ እንተ ሓተተኩም ጎይታ ይደልዮ ኣሎ በልዎ። ስለዚ መንእዩ ስም ኣድግኻ? ጎይታ ዝደልዮ ዘሎ።

ሰሙነ ሕማማት ንአቱ ኣሎና እዚ ኸአ ነቲ ካብ ኣምላኽ ዓጊቱና ዘሎ ስዒርና ክንሕደስ ደቂ ድሕነት ኮና ምስ ሓዲስ ሕይወት ምስ ኢየሱስ ክንሓብር ንማለት እዩ። ሕማማት ኢየሱስ ዘዘኻኽሩና መገዲ ቅድስና ወይ እውን ኣብ ሰላም ኣብ ፍቕሪ ኣብ ሕድገት ክንበጽሕ እንሓልፎ ስቓይ ከምዘሎና እዩ ዘዘኻክረና። ስቓይ ጥዑም ኣይ ኮነን ግን ንስቓይ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ኣውሪድና ክንሓልፎ ከሎና በረኸት ትንሣኤ እዩ ዘምጽእ።

ኢየሱስ ኣብ ልብና ክአቱ ልብኻትኩም ክፈቱለይ ይብለና ኣሎ። ምሳና ክኸውን ኣብ ቤትና ኣብ ኹሉ ሕይወትና ክአቱ መንፈሳዊ ቆጽሊ ስየ ሒዝና ንቀበሎ።

ኣብ ቅድስናን ትንሣኤን ዘብጽሕ ሶሙነ ሕማማት ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ